# ንናይ ደቅኹም ሕማም ቆርበት (ኤክዜማ) ምክንኻን

ክሓዊ ኣይኽእልን፤ ጽቡቕ ክመሓደር ግና ይኽእል።  ንመብዛሕትኦም ቆልዑ ሕማም ቆርበት (ኤክዜማ) እናዓበዩ ምስ ከዱ ይገድፎም እዩ። ንሕማም ቆርበት (ኤክዜማ) ደቅኹም ኣብ ቁጽጽር ንምውዓል፤ ብዝተኻእለ መጠን ኣጋደድቲ ምኽንያታት ምውጋድ ይግባእ። እዚኦም ድማ ነዚኦም ዝስዕቡ ይሓውስ፤




ካብ ልክዕ ንላዕሊ ምውዓይ | ዓፍራ ዝበዝሖ ሕጸበት ነብሲ | ዝዋግኡ ነገራት | ሳዕሪ፤ ሑጻ | ካብ ልክዕ ንላዕሊ ክሎሪን ዝሓዙ ባስካታት

## መዓልታዊ ክንክን ቆርበት

እቲ ቆርበት ማይ ከይውሕዶ (ከይነቅጽ) ምግባር ኣድላያይ እዩ፤ እዚ ድማ በቢእዋኑ ራሕሲ (ሞስቸራይዚንግ) ብምውሳኽ እዩ ዝኸውን።  ዋላ ሕማም ቆርበት (ኤክዜማ) ዘይተርኣየ እንሃለወ። ራሕሲ (ሞስቸራይዘር) ነቲ ኣብ ሞንጎ ሴላት (ዋህዮታት) ቆርበት ዘሎ ጋግ ይምልኦ፤ ካብ ቆርበት ዝጠፍእ ማይ ይቕንሶ ከምኡ እውን ናይቲ ቆርበት ማይ ይውስኾ (የለስልሶ)።  ከም ብናን ዕምበባ፤  ብናን ቆርበት እንስሳን፤ መግቢን ብቖርበት ኣቢሎም ከይኣትዉ ይከላኸል።  እዞም ዝስዕቡ ደረጃታት ተኸተል፤

### (ኣብ ገንዳ/ባስካ ተዘፍዚፍካ/ተኣሊኽካ) ነብሲ ምሕጻብ

1




ኣብ ባስካ ይኹን ብድው ኢልካ ነብስካ በቢመዓልቱ ምሕጻብ (እቲ ማይ  ዝህም ዝበለ ወይ ድማ ብዙሕ ዘይወዓየ ግበሮ) እቲ ቆርበት ንቕጻት እንተልይዎ ናይ ነብሲ ሕጽበት ዘይቲ ክትውስኽ ትኽእል ኢኻ። ወይ ድማ ብዘይ ሳሙና ምሕጻብ ይከኣል እዩ።

2




ናይ **ሳሙና ፍርያት ኣወግድ**
ነቲ ቆርበት ከንቅጽዎ ስለዝኽእሉ።
ዓፍራ ዝበዝሖ ሕጸበት ነብሲ
ኣወግድ።

3



**ኣሕጽሮ**

**ናይ ባስካ ይኹን ናይ ደው ሕጸበት ነብሲ ኣብ ትሕቲ ሓሙሽተ ደቒቓ ወደኣዮ።**

## መርሓሲ/መለስለሲ ቆርበት (ሞስቸራይዚንግ) ክህሊ ምግባር




- መርሓሲ/መለስለሲ ቆርበት (ሞስቸራይዘር) እንተውሓደ ብመዓልቲ ሓንሳብ ግበር እቲ ቆርበት ንቕጸት እንተልይዎ ካብኡ ንላዕሊ ግበር።
- መርሓሲ (ሞስቸራይዘድ) ንመላእ ነብስካን ገጽን ልክዕ ድሕሪ ሕጽበት ነብሲ ምግባር ዝሓሸ እዩ፣ ምኽንያቱ ኣብዚ ግዜ እዚ እዩ እቲ ቆርበት ነቲ መርሓሲ (ሞስቸራይዘር) ዝበለጸ ክመጽዎ ዝኽእል።
- ሕፍስ ዝበሉ መርሓሲታት (ሞስቸራይዘርስ) ከምኡ እውን ቅብኣታት ካብ ሎሽን ዝሓሹ እዮም፣ ምኽንያቱ ዝሓሹ ራሕሲ/ጠሊ/ማይ ወሰኽቲ ስለዝኾኑን ቀጨጭ ከብሉኻ ዝተሓተ ተኽእሎ ስለዘለዎምን።
- መርሓሲታት (ሞስቸራይዘር) ድሕሪ ምሕጻብ ነብሲ ነቲ ዝጠልቀየ ነብሲ ክገበረሉ ይከኣል እዩ፤ ብድሕሪኡ ድማ ቀስ ኢልካ ተንቕጸ። መጠግጠግ ዝብል ስሚዒት ክቕንሰልካ ይኽእል እዩ።
- ኩሉሳዕ ንመርሓሲታት (ሞስቸራይዘር) ካብቲ ገንዳ ብንጹህ ማንካ ወይ ድማ መኾስ ኣቢልካ ኣውጽኣዮ። ካብኡ ድማ ኣብዝሕ ኣቢልካ ናብ ኩሉ ነብሲ ልኸዮ።

## ንሕማም ቆርበት (ኤክዜማ) ከመይ ትፍውሶ?

ኣብቲ ቆርበት ውላድካ ኤክዜማ ምስረኣኻ ( ንኣብነት ቀይሕ፤ ሓርፋፍ፤ ዘሳሕይ ቦታ) ሽዑ ንሽዑ ነዞም ዝስዕቡ መምርሕታት ተኸተል።

- ብሓኪምካ ወይ ድማ ኣላይትካ (ነርስ)ትእዛዝ መሰረት ኮርቲሶን ክሬም ወይ ድማ ቅብኣት ልኸዮ። ቅብኣታት ዝሓሹ መርሓሲታት (ሞስቸራይዘር) እዮም፤ ካ ብኮርቲሶን ዝተሓተ ቀጨጭ የብሉ።
- ኣብ ገጽን ኣብ ኩሉ ነብስን እንተወሓደ ሓንሳብ ኣብ መዓልቲ መርሓሲ (ሞስቸራይዘር) ምጥቃም ይግባእ። (እቲ ቆርበት ንቕጸት እንተልይዎ ካብዚ ዝበዝሐ ግዜ ትገብረሉ)
- መብዛሕቲኡ ኸባቢታት ቆርበት ብኤክዘማ ዝተሸፈነ እንተኾይኑ፤ ብዶክተር ውላድኩም ወይ ኣላይት ነርስ ዝተኣዘዘ መሰረት ንመርሓሲ (ሞስቸራይዘር) ብቕልጡፍ ድሕሪ ሕጽቦ ነብሲ ተጠቐም። ድሕሪኡ ድማ ኮርቲሶን ክሬም ወይ ድማ ቅባኣት ተጠቐም።
- እቲ ሕማም ቆርበት (ኤክዜማ) ጠሪሱ እስካዕ ዝጠፍእን እቲ ቆርበት ሉስልስ ኮይኑ እስካዕ ዝስመዐካን ኮርቲሶን ክሬም ወይ ቅብኣት ናብ ኩሎም ኤክዘማ ዘለዎም ከባቢታት ምጥቃም ቐጽል።
- እቲ ሕማም ቆርበት (ኤክዜማ) እንተገዲዱ ከምኡ እውን መሰሓያይ (ዘሳሒ) ኮይኑ እንተረኺብካዮ፤ ከም ብሓዲሽ ምጥቃም ጀምር።

### ምስሓይ ከመይ ምቁጽጻር ይከኣል።

- ንውላድካ ካብ መጠን ንላዕሊ ክሞቖ ኣይትግበር፤ ወይ ድማ ኣይትጎላብቦ። እዚ ነቲ ዘሳሕዮ ከጋድዶ ይኽእል እዩ።
- ጻረ ሂስታሚን (ኣንቲ ሂስታሚን) መድሃኒታት ብኤክዜማ ካብ ዝመጽእ ሳሓ ከድሕን ኣይኽእልን፤ ብዙሕ ግዜ ክውሰድ ኣለዎ ተባሂሉ ዝመዓድ ኣይኮነን። ናይ ውላድክ ናይ ለይቲ ድቃስ ክመሓየሽ ምእንታን ሓንሳዕ ሓንሳዕ ክወሃብ ይኽእል እዩ፤ ኮይኑ ግና ነቲ ሕማም ቆርበት (ኤክዜማ) ብስርዓት ምሕካም ዝሓሸ እዩ።
- ዝጠልቀየ መጠቕለሊን ዝሑል ዝጽቀጥ ጥቑሉል ጨርቂ (ኩል ኮምፕረሰር) ብሕማም ቆርበት (ኤክዜማ) ንዝስዕብ ምስሓይ ከቃልሉ ይኽእሉ እዮም።

## ኩል ኮምፕረሰር

ኩል ኮምፕረሰር ንገጽ ራሕሲ ወይ ጥሉል መሸፈኒ ዝህቡ እዮም። ኩል ኮምፕረሰር እቲ ምስሓይ እስካዕ ዝገድፎ ክንድዘድለየ ምጥቃም ይግባእ።

**1**



ነቲ ናይ ገጽ መሕጸቢ ጨርቂ ኣብ ዝሑል ሽሓነ ምስ ኣእተኻ ብድሕሪኡ ጽሞቆ ።

**2**




ነቲ ናይ ገጽ መሕጸቢ ጨርቂ ካብ ሓሙሽተ እስካዕ ዓሰርተ ደቒቓ ንዝኣክል ናብ ገጽካ ደጊፍካ ሓዞ፤ ።

**3**



በቲ ዝሑል ጥቕላል መዝሓሊ ድሕሪ ምጽቃጥ (ኮምፕረስ ምግባር) መርሐሲ (ሞስቸራይዘር) ናብ ገጽ ምልካይ የድሊ።

## ንህጻንኩም ዝሕግዙ ፍሉያት ምኽርታት/ማዕዳታት።

## ራሕሲ ዘለዎም ፋሻታት።

ራሕሲ ዘለዎም ፋሻታት ኣብ ለይቲ ቅድሚ ድቃስ ግበረሉ፤ ብፍላይ ከዓ ወድኻ ዝሐሸ ክድቅስ የኽእሎ፡ ዝጠልቀዩ ፋሻታት ኣብ ለይቲ በቢመዓልቱ ይጥቕለሉ፤ እስካዕ እቲ ሕማም ቆርበት (ኤክዚማ) ዝግፈፍ/ዝጸሪ፡ ድሕሪኡ ድማ በቢክልተ መዓልቱ ለይቲ ለይቲ ንሓደ ሰሙን ግበረሉ፤ እቲ ሕማም ቆርበት (ኤክዚማ) ክረጋጋዕ ምእንታን። ንውላድኩም ዝከታተልዎ ሓኪም ወይ ኣላይት ነርስ ክንደይ ግዜ እቲ ምሽፋን ወይ ምጥቕላል ብዝጠልቀየ ፋሻ (ጨርቂ) ክግበር ኣለዎ ክነግርኹም'ዮም። ናይ ውላድኩም ዝጠልቀየ ፋሻ (መሸፈኒ) ከመይ ትጥቕልሉዎ

**1**



ድሕሪ ሕጽበት ነፍሲ፤ ነቲ ቆርበት ጢብ ጢብ እናበልካ ኣንቅጾ

**2**



ቅብኣት ኮርቲሰን ንኹሉ ኤክዘማ ዘለዎ ክፋላት ናይ ገጽን ነብስን ልኸዮ ወይ ግበረሉ።

**3**



ካብ ጡጥ ንዝተሰርሑ ሽጎማናታት ኣብ ሽንኬሎ ምዉቕ ማይ እለኮም
፤ ብድሕሪኡ ጽሞቆም።

**4**




ነቲ ዝጠልቀየ መሸፈኒ ንወድኻ ክደኖ ወይ ሸፍኖ።

**5**




ንቑጽ ክዳን ብላዕሊ ደርቦ።

**6**



ነቶም ዝተጠቕለሉ ጥልቁያት ሽጎማናታት ኣብቲ ዘለውዎ ን20 ደቓይቕ ኣጽናሓዮም።

**7**



ነቶም ርሑሳት ሽጎማኖታት ቐንጥጦም።

**8**



እቶም ርሑሳት ሽጎማናታት ምስ ለገሱ/ተኣልዩ፤ ነቲ መርሐሲ (ሞስቸራይዘር) ናብ መላእ ነብስን ገጽን ልኸይዎ።

### ንውላድካ ዝጠቅም ፍሉይ ማዕዳታት

____________________

____________________

____________________

____________________

____________________

## ኣብ ባራኪና ዘለዎ ምዝፍዛፍ

ኤክዜማ ንርኽሰት ተቓላዓይ እዩ። ኣብ ባራኪና ዘለዎ መሕጸቢ ማይ ንነብሰም ምዝፍዛፍ ብኤክዜማ ንዝተጠቕዑ ቆልዑ ኣብ ምፍዋስ ይሕግዝ እዩ። ናይ ባራኪና ሕጽበት ጎዳኣይነት ፈጺሙ ኣይብሉን። እቲ ናይ መወዳእታ መጠን ባራኪና ኣብ ማይ ምስ ተበጽበጸ  ምስ'ቲ ክሎሪን ዘለዎ መሐምበሲ ማይ ተመሳሳላይ እዩ። ኣብ ባራኪና ምዝፍዛፍ መብዛሕትኡ ጊዜ ኣብ ሰሙን ክልተ ሻዕ እዩ ዝግበር፣ ንውሉድካ ይሕክም ዘሎ ሓኪም ወይ ድማ ትከታተሎ ነርስ ብዛዕባ እዚ ምኽሮም ክህቡኻ እዮም።


ኣብ ዝተቓጠነ ባራኪና ዘለዎ መዘፍዘፊ (መሕጸቢ)ከመይ ገይርካ ትገብሮ

**1**




ንሓደ ማእከላይ መጠን ዘለዎ ባስካ እስካዕ ፍርቂ ብምዉቕ/ለበጥ ዝበለ ማይ ምልኣዮ። እቲ ቆርበት ንቕጸት ዘሎዎ እንተመሲሉ፤ 1 ኩባያ ናይ ሕጽቦ ዘይቲ ክውሰኽ ይከኣል እዩ።

**2**




ርብዒ ኩባያ White King  ዝዓይነቱ ባራኪና ወስኽ
**ወይ ድማ**
12 ሚሊ ሊትር White King ባራኪና ኣብ ነፍስ ወከፍ 10 ሊትሮ ማይ ሕወስ።

**3**



ኣብቲ ሕጽቦ እንሃለወ ወይ ከዓ እንከይወጸ ንገጽን ንሓምሓም (ቆርበት) ርእሲን ሕጸብ፤ ኮይኑ ግና ዓይኒ ከይትትንከፍ ጥንቓቐ ግበር።

**4**



ኣብቲ ባስካ እንሃለወ ዝኾነ ዝቀራረፍ ደረቕ ሽፋን ቆርበት እንተልዩ፤
ቀስ ኣቢልካ ጽርግ ኣብሎ።

**5**



ውልድካ እስካዕ ዓሰርተ ደቓይቕ ዝኸውን ኣብቲ ማይ ክእለኽ/ክዝፍዘፍ ይኽእል እዩ። ካብኡ ንላዕሊ ግና ኣይንዋሕ።

**6**



ድሕሪ ሕጽቦ ነብሲ ምልቕላቕ ግድን ኣይኮነን።

**7**




ንጹህ ሽጎማና ተጠቒምካ ነቲ ቆርበት ጠፍ ጠፍ (ኣንቅጽ) ኣብሎ።

**8**



ካብቲ ባስካ ምስ ወጸን ምስ ነቐጸን፤ መርሐሲ (ሞስቸራይዘር)
ንመላእ ነብሱን ገጹን ልኸዮ።

**9**




ናይ ኮርቲሰን ቅብኣት እንተድኣ ተኣዚዙ ኮይኑ፤ ናብ ኩሉ ኤክዜማ ዘለዎ ቆርበት ልኸዮ። እዚ ድማ ቕድሚ መርሐሲ (ሞስቸራይዘር) ምጥቃምካ ማለት እዩ።

**እዚ ሰነድ ንኣካል ጉድኣት ክቐርብ ምእንታን ሕቶ ምስ ዝቐርብ ብኣማራጺ ካልእ ዓይነት ቅርጺ ክቐርብ ይከኣል እዩ።**

Government of Western Australia
Child and Adolescent Health Service

**ናይ ቆልዑትን ብጹሓትን ግልጋሎት ጥዕና**
15 ጎዳና ሆስፒታል፤ ኔድላንድስ፤ ምዕራብ ኣውስትራሊያ፤ 6009
ቑጽሪ ስልኪ፡ (08) 6456 2222
ብክፍሊ ሕክምና ቆርበት ዝተዳለወ
መወከሲ፡ 873.7 © ሲ ኤ ኤች ሲ ነሓሰ 2028

**መተሓሳሰቢ፡** እዚ ሕታም ንሓፈሻዊ ኣስተምህሮን ንሓበሬታን ዝኣክል ይውዕል።
ምኽሪ/ማዕዳ ሕክምና እንተድልዩካ፤ ንብቑዕ ክኢላ ክንክን ጥዕና ርኸብ።
© ክልል ዌስተርን ኣውስትራሊያ፤ ናይ ቆልዑን ብጹሓትን ግልጋሎት ጥዕና